# ኢንፎርማትኦንስ ኣቦዑት ኣስይሉም ፕሮጨዱረ

Tigrinya




Ein Gemeinschaftsprojekt von

MFR
Münchner Flüchtlingsrat
Preisträger 2000 „Münchner Lichtblicke"
Gefördert von der Landeshauptstadt München

AMNESTY INTERNATIONAL

Landeshauptstadt München
Kulturreferat

Wahl des Migrationsbeirates
am 22. Januar 2017

UNO-Flüchtlingshilfe

እንቛዕ ናብ ጀርመን ብደሓን መጻእኩም

እዛ መጽሓፍ ናይ መጀመርያ ኣካይዳ ብዛዕባ ሓተቲ -ዑቕባ ኣብ ጀርመን ሓበሬታ ንምፍላጥ ተዳልያትልኩም ኣላ። እዛ መጽሓፍ ገለ ካብ ሕቶታትኩም ክትምልሰልኩም እኳ እንተኸኣለት ድሕሪ ምንባብኩም ግን ተስፋ ንገብር ንኽትፈልቱ ካበይ ሓበሬታ ከምትረክቡን ፡ ኣበይ ሕቶታት ከም እትሓትቱን። በዚ ምክንያት ነዛ መጽሓፍ ኣብ ኢድኩም ክትሕዝዋ ይግባእ ። ዓወት ካብ መርበብ ማሕበር Amnesty International ካብ ሙኒክ ንምነየልኩም ።

መራኸቢ (contact)

infobus@amnesty-muenchen.de (ኣውቶቡስ መርበብ ሓብሬታ ናይ Amnesty International ኣብ ሙኒክ)

Info-Bus c/o amnesty international, Volkartstr. 76, 80636 München

www.muenchner-fluechtlingsrat.de/infobus

Mobil: +49 176/67606378



ዝርከብሉ ሰዓታትን ፡ በታታትን

ሰኑይ 14:00-15:30 Unterhaching, Biberger Str. 88

ሰኑይ 16፡00-18፡00 Mc Graw Kaserne, Tegernseer Landstr. 239A

ሰሉስ 17፡00-19፡00 Funkkaserne, Frankfurter Ring 200

ረቡዕ 17:00-18:30 Bayernkaserne እን ፍሮንት ኦፍ ሆኡሰ 18 (ውትህ SOLWODI), Heidemannstr. 50

ረቡዕ 18:00-20:30 Bayernkaserne እን ፍሮንት ኦፍ ሆኡሰ 45, Heidemannstr. 60

ቀዳም 13:30-15:00 Am Moosfeld 37

**ናይ ምኽሪ- ቦታታት ኣብ ሙኒክ**

| | |
|---|---|
| **ሕቶ ንኣካያይዳ ሓታቲ-ዑቕባ** Info-Bus ንስደተኛታት | ምኽሪ ኣብ ናይቲ መጀመርያ ካምፕ ኣብ ሙኒክ ዝኣተኩሞ Tel: +49 176/67606378 infobus@amnesty-muenchen.de |
| ኤምነስቲ [Amnesty] ዝርከቡሉ ሰዓታት | Volkartstr. 76. 80636 München (Leonrodplatz) ረቡዕ 19:00-20:00 |
| ሓገዝ መሰል ንደቂ-ኣንስትዮ | EineWeltHaus, Schwanthalerstraße.80, 80336 München (U4/5 Theresienwiese), ሰሉስ 18:00-20:00, ምምዝጋብ ካብ 17:15 |
| **ምኽሪ-ንደቂ-ኣንስትዮ** JADWIGA | Schwanthalerstraße 79, 80336 München<br>Tel: +49 89/38534455<br>Email: muenchen@jadwiga-online.de |
| SOLWODI | Dachauer Str. 50<br>80335 München<br>Tel: +49 89/27275859<br>Email: muenchen@solwodi.de |
| **ኣቀራርባ ንመርመራ (ቃለ-መጠይቅ)** | Email: info@arrivalaid.org<br>www.arrivalaid.org |

**ኣብ ጀርመን ንናትኩም ኣካያይዳ ናይ ሓተቲ ዑቕባ ዝምልከት ብጥርሑ ሓገዝ ኣይትወሃቡን ኢኹም [ንኣብነት ጠበቓ] ኣብ ናይ ምኽሪ ቦታታት ግን ብጥራዩ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።**

## ኣገደስቲ ኣድራሻታት

| |
|---|
| **ናይ ስደተኛታት ማእከል ናይ መጀመርታ ትበጽሕሉ ቦታ [AZ]**<br>Maria-Probst-Straße 14, 80939 München |
| **ምምሕዳር ናይ ኢሚግሬሽንን ወጻእተኛታትን (BAMF)**<br>Boschetsriederstraße 41, 81379 München |
| **ሓበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ውሽጢ ካምፕ**<br>**Bayernkaserne**, ሆኡሰ 58, Heidemannstr. 60, 80939 München<br>**Dependance Funkkaserne,** Frankfurter Ring 200, 80807 München<br>**Dependance McGraw Kaserne,** Tegernseer Landstr. 239a, 81539 München<br>**Depandance Moosfeld,** Am Moosfeld 37, 81829 München |
| **Coming Home**<br>ቤት-ጽሕፈት ሓገዝ ናብ ዓድኻ ንኽትምለስ<br>Franziskanerstraße 6-8<br>81669 München<br>**ምኽሪን ኣፍርጫ , ሶኡትሕ ኣመርጫ** Tel. +49 89/233-40780<br>**ምኽሪን ኣጺኣ** Tel. +49 89/233- 40708<br>**ምኽሪን አኣስተርን አኡሮፕኤ** Tel. +49 89/233-40617<br>**ምኽሪን ሶኡትሕ አኣስት አኡሮፕኤ  አንድ  ኢራቅ** Tel. +49 89/233-40776 |

**መን እንታይ'ከ ኣብ መስርሕ ናይ ሓተቲ-ዑቕባ ይገብር፣**

| |
|---|
| **ምምሕዳር - ዞባ ላዕለዋይ-ባየርን (ROB )**<br>**-** እዚ ንመጀመርያ ዝተመዝገቡ ስደተኛታት ዝምልከቶ ኣካል እዩ (Abteilung **EASY**)<br>- ኣብ ካምፕ ድሕሪ ምጽናሕኩም ካልእ መንበሪ-ገዛ ንኽወሃበኩም ይእዝዙ። |
| **ምምሕዳር ኢምግሬሽንን ስደተኛታትን ኣብ ሙኒክ  (BAMF, ኣብ München „Boschetsriederstraße“)**<br>**-** ምኽንያት ሓታቲ-ዑቕባ ይሰምዑ (መርመራ, Interview)<br>- ኣብ ዘመልከትካዮ ናይ ዑቕባኻ ውሳኔ ይውስኑ<br>**-** ከምኡ ከኣ ናብታ ናይ ፈለማ ኣብ ኤውሮፓ ዝኣተኻያ ሃገር ናይ ግድን ክትምለስ  እንተለካ ንኽትምለስ ይውስኑ፡፡<br>- እዚ ምምሕዳር እምበር ቤት-ፍርዲ ኣይኮነን **!!!** |
| **ምምሕዳር -ወጻእተኛታት ኣብ ከተማን  ከባቢኡን (ABH = KVR, in München: „Poccistraße“)**<br>- ኣብ ሙኒክ ገዛ እንተትዋሂብካ ወይ ከም ወጻእተኛ እንተተቐቢሎምኻ ናትካ መጽንሒ ታሴራ [ኣውስፋይስ] የናውሑልካ።<br>- ካብ ጀርመን ናብ ካልእ ሃገር ንክትጥረዝ ካብ  **BAMF** ንዝመጾም ትእዛዝ የካይድዎ። እዚ ማለት ባዕልኻ [ወላ እካ ብዘይድልየትካ እንተኾነ] ንኽትወጽእ ደብዳቤ ይሰዱልካ። ባዕልኻ እንተዘይወጺእካ ፖሊስ ንኽኣስሩኻ ይእዝዙ። |
| **ምምሕዳር ቤት ፍርዲ (VG, in München: „Bayerstraße“)**<br>**-** ናይ ዑቕባኻ ሕቶ ምስ ዝነጽግዎ ኣብ ቤት ፍርዲ ክትከሰም ትኽእል። ጥርዓንካ ተቐቢሎም ከኣ ብዛዕብኡ ከም ብሓድሽ ይውስኑ። |

**ሓፈሻዊ መግለጺ ኣብ መስርሕ ዑቕባ-ሓታቲ**

**1. ዑቕባ ክትሓትት ከም ትደሊ ምግላጽ**

ናይ ሙኒክ ኣብታ ናይ መጀመርታ ማእከል ካምፕ ኣብ Maria-Probst-Str. 14 እትርከብ ተመዝገቡ። ኣብ እንዳ ፖሊስ ዑቕባ ክትሓቱ ከም ዝደለኹም ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም ። ብሕጋዊ መንገዲ ስለዘይመጻእኩም ግን ክኽስኹም ይኽእሉ እዮም። ብመሰረቱ ወረቐት ክትምዝገብ ከለኻ ዘለካ ናትካ ሰነድ ሃብ።

**2. ኣብ ካምፕ መጽንሒ፡ ንግዚኡ ታሴራ [ ኣውስፋይስ] ትወሃብ፡ ናይ ጥዕና መርመራ ይግበረልካ**

እዛ ታሴራ ንግዚኡ መጽንሒ ወረቐት እያ። ኣብኣ ከኣ ዑቕባ ከም ዘመልከትካ ተርኢ። ናትካ ስእልን ኣሰር ናይ ኣጻብዕን ኣብ ኤለክትሮኒክ ሰነድ ትሑዝ እዩ።

**3. ምስግጋር ናብ ዝምልከተካ ካምፕ (EASY)**

ኣብ ናይ መጀመርታ መጽንሒ ቦታ ናበየይ ካምፕ ከም ዝምልከተካ ድሮ ተረጋጊጹ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ መበቆል ዓድካ ዝተመርኮሰ እዩ ። ከምኡ ከኣ ከከም ኩነታቱ ናብ ካልእ ዞባ ክበጽሓካ ይኽእል እዩ።

**ምጥርናፍ ናይ ስድራ-ቤት፡** ምስ ቤተ ሰብካ ናብ ጀርመን እንተ መጺእካ ወይ ኣብ ጀርመን ቤተ ሰብ እንተ ኣለካ ኣብ ጥቕኡ ንኽትከውን ዕድል ንኽወሃበካ ክትምዝገብ ከለኻ ክትሕብር ኣለካ። ናይ ጥዕናን ማሕበራውን ጸገማት ንማሕበራዊ ኣገልግሎት(social) ሕተቱ።

**4. ኣብ ዝምልከተካ ካምፕ ምዕቓብ**

ኣብታ ናይ መጀመርያ ዝኣተኻያ ካምፕ እንተበዝሐ ክሳብ 6 ወርሒ ትጸንሕ። ኣብ ሙኒክ ናይ ገዛ ብጫ ታሴራ (yellow Paper) ሰሪሖም ይህቡኻ። ኣብኡ ኣገዳሲ ቆጸራ ንኣብነት ናይ መርመራ-ጥዕና ተጻሒፉ ኣሎ።

**5. መርመራ ንዝመሓላለፉ ሕማማት ኣብ ቤት ጽሕፈት ኩነታት ጥዕና**

ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ዝኾነ ሕማም እንተለካ ምእንቲ ክፍለጥ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ይገብሩልካ። ኣካላዊ መርመራ፡ ራጅን ካብ ደምካ ወሲዶም ከኣ ይምርምዎ። ሕማም ምስ ዝህልወኩም ደብዳቤ ይስደደልኩም እንተዘይኮይኑ ሓበሬታ ኣይወሃበኩምን እዩ። ንሕና ዘይመርመርናዮ ወይ ካልእ ናይ ጥዕና ጸገም እንተለኩም ንዓና ንገሩና ከምኡ'ውን ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ወይ ንሓካይም ንገርዎም።

**6. ኣገባብ ኣመልካቲ ሓታቲ - ዑቕባ ኣብ BAMF**

እቲኣ ቆጸራ ኣብታ ናይ ገዛ ብጫ ታሴራ ተመዝጊባ ኣላ ወይ ከኣ ብደብዳቤ ክትንገሩ ኢኹም። መስርሕ ናይ ዑቕባኹም ወግዓዊ ምእንቲ ክኾነልኩም ኣብ BAMF በገባብ ናይ ሕቶ ዑቕባኹም ከተቕርቡ ኣለኩም ።

**7. ሕቶ ብዛዕባ ኩነታት ኣመጻጽኣኻ ኣብ BAMF** [መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ቁጽሪ 6. ዝተተሓሓዘ እዩ]

ኣብ ቆጸራኩም ብከመይ መገዲ ከምዝመጻእኩም ትሕተቱ። ቀንዲ ን BAMF ዘገድሶም ወይ ከኣ ዘተኩሩሉ፡ ኣብ ካልእ ዓዲ ኣሰር ናይ

ኣጻብዕ ኄርካ ከይትኸውን፡ ቪዛ ከይህልወካ ወይ ከኣ ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣብ ካልእ ኤውሮፓ ሃገር ሓቲትካ ከይትከውን። ኣብዚ ኣሰር ናይ ኣጻብዕ ይቐርጽዎ[scan] እዚ ከኣ ምስ EURODAC-Datenbank መታን ከመዓራርይዎ። እዚ EURODAC-Datenbank ዝበሃል ናይ ምሉእ ኤውሮፓ ሕጊ ኮይኑ ናብ ዓዶም ዝኣተዉ ስደተኛታት ስእልን ኣሰር ናይ ኣጻብዕን የግብሩ።

**ተጠንቀቅ ፡** ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮፓ ሃገራት ኣቐዲምካ ኢድካ ሂብካ እንተኾንይንካ ናብኣ ንኽትምለስ **BAMF** ትምርምሮ። ክትምለስ ዘይትኽእለሉ ምኽንያት እንተለካ ኣብዚ ቆጸራ ናይ ግድን ክትገልጽ ኣለካ።

**8. ሕቶ ብዛዕባ ኩነታት ኣመጻጽኣኻ ብ ZRS** [እዚ ግን ንውሱናት ጥራይ እዩም ዝሓቱ]

**9. መጽንሒ ፍቓድ ታሴራ[Green Paper] ካብ BAMF ይወሃበካ**

እዛ ታሴራ ዑቕባ ድሕሪ ምሕታትካ ትወሃበካ። መስርሕ ናይ ዑቕባኻ ክሳብ ዝሳለጥ ከተገልግለካ ትኽእል። ኣብቲ ንስደተኛታት ዝምለከቶ ኣካል ብስሩዕ ከተሐድሳ ይግባእ።

**10. ምትሕልላፍ ናብ ናይ ሓባር መጽንሒ ገዛ ወይ ናይ በይንኻ ገዛ**

እንተ ደንገየ ድሕሪ 6 ወርሒ ኣብ ባየርን ከባቢኡን ገዛ ንኽወሃበካ ትመሓላለፍ[Transfer] ።

**11. መርመራ ምኽንያት ብዛዕባ መሕተቲካ ዑቕባ ኣብ BAMF** [ ናይ መርምራኻ ቆጸራ ቅድሚ ትራንስፈር ክመጸካ ይኽእል እዩ]

**12. ናይ መርመራ ብጽሑፍ ወይ ብኣካል መልሲ ትህብ**


**13. መልሲ ብዛዕባ ውሳኔ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ብደብዳቤ ይመጸካ**

**14. ሕቶ ናይ ዑቕባኻ እንተተነጺጉ ክሲ ከተቕርብ ትኽእል ።**

**ኣገዳሲ፡** ኣብ ካልእ ሃገር ኣሰር ናይ ኣጻብዕ እንተኄርካን ዑቕባ እንተ ሓቲትካን ወይ ብ ናይ ፈዛ ናይ ካልእ ሃገር ናብ ጀርመን እንተኣቲኻን ኣገባብ ኣሰራርሓኻ ከም ካልእ ይኸውን።

ካብ ውሑስ ሃገራት ዝመጹ ሓተቲ ዑቕባ ከም [ቦዝንያ፡ ኣልባንየን፡ ኮዞፎ፡ ሞንተነግሮ፡ ማሰዶዲየን፡ ሀርጽገውና፡ ሰርብየን፡ ሰኔጋል፡ ጋና ] መስርሕ ናይ ኣካያይዶም ብቕልጡፍ ስለዝርአ ኣብ ፍሉይ ካምፕ የጽንሕዎም። ካብዘን ዓድታት እንተኾይንኩም ብዝተኻእለ መጠን ቅድሚ መርመራ[interview] ምኽሪ ውሰዱ።

# መስርሕ ሓታቲ-ዑቕባ


6 ኣዋርሕ
ኣብ = ጀርመን ትበጽሕ
-ምምዝጋብ
-ናይ ሕክምና ምርመራ
-
ምስግጋር (Transfer)ናብ ቀዋሚ መቐመጢ ገዛ
-ኣብ BAMF ንዳብሊን ዝምልከትን ዑቕባ ምሕታት
-
ኣዋርሕ ክሳብ ዓመታት
መርመራ ኣብ BAMF
- ሕቶታት ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ
- ዝርዝር ሕቶታት ብዛዕባ ኣብ ዓድኻ ከምዝኸታተሉኻ ዝነበሩ ወይ ማውጽኢኻ ምኽንያት
- ኣብ ዓድኻ ከምዝኸታተሉኻ ዝነበሩ ምርጋገጺ እንተለካ ንኽትህቦም ዕድል ኣለካ
ካብ ሰሙናት ክሳብ ኣዋርሕ
ናይ ሕቶኻ ዑቕባ ጽሑፍ ምልኣኽ
- ኣንቢብካ ክእረም ዝግብኦ ነገር እንተሎ ናብ BAMF ለኣኽ
ሓያለ ኣዋርሕ
ውሳኔ ን ዘረቕብካዮ ናይ ዑቕባ-ሕቶ
- ብዘይ ምኽንያት እንተተነጺጉ ብይኔድ ንኽትከስስ 2 ሰሙን ዕድል ኣለካ
- ብግልጺ ብዘይ ምኽንያት እንተተነጺጉ ብይኔድ ንኽትከስስ 1 ሰሙን ዕድል ኣለካ
- ምቕባል
ክሳብ 2 ዓመታት
ክሲ ኣብ ቤት ፍርዲ
- ብመሰረት ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዘቕረብካዮ ጽሕፍ ወይ ብኣፍ ናይ ዑቕባኻ ሕቶ ቤት ፍርዲ ከም ብሓድሽ ይውስኑ ብመሰረት ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዘቕረብካዮ ጽሕፍ ወይ ብኣፍ ናይ ዑቕባኻ ሕቶ ቤት ፍርዲ ከም ብሓድሽ ይውስኑ
- ነዚ ነገርዚ ማዘክኽሒ ግዜ ናይ ሞያ ኣፀዋን ጠበቓ ክህልወካ ንዕኡ ምኽሪ ምውሳድ ግን ተመራጺ እዩ
ኣብ ጉዳይ ሕጊ- ዳብሊን
ኣከያይዳ ዳብሊን
ምስራዝ ናይ ዳብሊን ኣከያይዳ
ምምላስ ናብታ መጀመርታ ዝኣተኻላ ዓዲ
ዝግበኣካ ናይ መጽንሒ ወይ መንበሪ ፍቓድ ካብ ቤት ምምሕዳር ስደተኛታት ትወሃብ

**ዳብሊን ኣመሓዳድራ ( ሕጊ ናይ ኤውሮፓ ንስደተኛታት ዝምልከት እዩ)**

ድሕሪ ወግዓዊ ዑቕባ ምሕታትኩም BAMF ኣብ መአከቢ ሓበሬታ ናይ ኤውሮፓ ኣብ EURODAC ዝበሃል ኣሰር ናይ ኣጻብዕትኹም ዘሎን ዘየሎን ንምርግጋጽ ትደሊ። ኣብ ካልእ ሃገር ኣሰር ናይ ኣጻብዕ እንተኄርካ፡ ዑቕባ እንተ ሓቲትካ፡ ወይ ብ ናይ ፈዛ ናይ ካልእ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ናይ ኤውሮፓ እንተኣቲኻ ናብታ ቀዳመይቲ ዝኣተካያ ዓዲ ክትምለስ እንተለካ BAMF ትምርምሮ። **ጉዳይካ ምስ'ዚ ዝመሳሰል እንተኮይኑ ሓገዝ ምእንቲ ክትረክቡ ምኽሪ ውሰዱ።**

**ኣገዳሲ መግለጺ ናይዛ ስእሊ፡**


– ክሲ እንተከሲስካ እዚ ኣብ ስእሊ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ 6 ወርሒ ኣይምልከተካን እዩ ወይ ከኣ ድሕሪ ውሳኔ ዝሓተትካዮ ዑቕባ እቲ መስርሕ ናይ ዑቕባኻ ከም ብሓድሽ ይጅምር።

– እንተተሓቢእካ ድማ እቲ ናይ ገደብ ግዜ ክሳብ 18 ኣዋርሕ ይናዋሕ።

– ኣብ ካልእ ዓዲ ዑቕባ ሓቲትካ እንተኔርካ እቲ ናይ ገደብ ግዜ ከም ካልእ ይቖጽርዎ።

– እዛ ስእሊ ብቐሊሉ ኣካይዳ ናይ ምቕባል ኣብ ዳብሊን-መስርሕ ተርኢ። ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ዓዲ ዑቕባ ከይሓተትኩም ኣሰር ናይ ኣጻብዕ ጥራይ ግን እንተጊርኩም ኣብ ናይ ምኽሪ ቦታ ርጡብ ዝኾነ ሓበሬታ ድለዩ።

# ኣከያይዳ ሕጊ-ዳብሊ ን ኣብ ጀርመን ዑቕባ እንተሓቲትካ



**መርመራ (interview) ኣብ መስርሕ ናይ ሓ ታቲ-ዑቕባ (ቑጽሪ 12)**

ንቆጸራ ናይ መርመራ (interview) ካብ BAMF ደብዳቤ ክወሃበኩም እዩ ።ኣብ ግዜ መርመራ ናይ መህደሚኻ ኩነታት ብተራ ምእንቲ ከተብርሆ ባዕልኻ ነቲ ዝሓለፍካዮ ብተኸታታሊ ንምግላጽ ብግቡእ ተዳሎ። ልክዕ ኣብ ግዜኹም ድማ ተረኸቡ። ሓሚምኩም ክትመጹ እንተዘይኪልኩም ን BAMF ክትሕብሩ ይግባእ ምስኡ ከኣ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ከምዝሓመምካ ክትቕርቡ ይግባእ። ከምዚ እንተዘይጌርኩም ንናትኩም ኣከያይዳ ናይ ዑቕባኹም ሕማቕ እዩ።

እዛ መርመራ (interview) ኣብ መስርሕ ሕቶ ናይ ዑቕባኹም ቀንዲ ኣገዳሲት እያ። ኣብዚ እንታይ ከም ትዛረብ ወሳኒ ስለዝኾነ ተመሊስካ ክትእርሞ ወይ ክትቕይሮ ስለዘይትኽእል ንዕኡ ንምድላው ዝኸውን ምኽሪ ስለዘሎ ቅድሚ መርመራ (interview) ምግባርኩም ኣጸቢቕኩም ሓሲብኩም ጽንሑ። ንኽቱርጉመልኩም እትኣምንዎ ሰብ ክትማልኡ ይፍቀደኩም እዩ ቅድሚኡ ግን ኣብ BAMF ባዕልኹም ናይ ግድን ከተመዝግብዎ ይግባእ።

**ቅድሚ መርመራ (interview)**

– ኣብ ግዜ መርመራ ናይ መህደሚኻ ታሪኽ ብተራ ምእንቲ ከተብርሆ ባዕልኻ ነቲ ዝሓለፍካዮ ብተኸታታሊ ንምግላጽ ብግቡእ ተዳሎ።

– ናብ ዓድኻ ምምላስ ንሂወትካ ኣስጋኢ እንተኾይኑ ወይ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም እንተኣለካ ናብ ዓድኻ ንኽጥርዙኻ ከቢድ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ብዝቐልጠፈ መንገዲ ን BAMF ምእንቲ ክትሰደሎም ብቑዕን፡ ምሉእ ዝርዝር ካብ ሞያዊ-ሕክምናን የድልየካ። እዛ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ብዙሕ ጥንቃቐ ስለዘድልዮ ንዕኡ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ናይ ግድን ኣብ ቦታ ምኽሪ ምኽሪ ክትወስድ ይግባእ።

– እዚ መርመራ (interview) ብቛንቛ ኣደኻ ንኽምራሕ መሰል ኣለካ። ከምዚ እንተደሊኻ ቶርጃሚ ወይ ቶርጃሚት ንክቕርቡልካ ንቤት-ጽሕፈት ኣቐዲምካ ሓብር ወይ ትኣምኖ ሰብ ተማላእ።

– ኣብ ግዜ መርመራ ደቂ-ኣንስትዮ ብኸምኣን ደቂ-ኣንስትዮ መርመራ(interview) ክገብራ ክመርጻ መሰል ኣለወን ። ንቤት-ጽሕፈት ኣቐዲመን ክሕብራ ጥራይ ይግባእ።

**ኣብ ግዜ መርመራ (interview)**

– ምስ ቶርጃማይ ጽቡቕ ክትረዳዳእ ከም ትኽእል ወይ ዘይትኽእል ትሕተት ኢኻ። ምስ ቶርጃማይ ዝኾነ ጸገም ምስ ዝህሉን ከምኡ ከኣ ካልእ ቶርጃማይ ከምእትደልዩን ሓብሩና ። ኩሎም ቶርኝምቲ ብቑዓት ማለት ኣይኮነን። ኣብዚ ዝኾነ ደስ እንተዘይልኩም ሕድገታት ኣይትግበሩ እንተኽፍአ እታ መዓልቲ ናይ መርመራ (interview) ጥራይ እያ ትቕየር።

– መርመራ ንኽትገብሩ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኹም ጽቡቕ ከም ዘለኹም ከምኡ ከኣ ብዛዕባ ኣከያይዳ ናይዚ መርመራ ከም ዝተረደኣኩምን ንኽረጋግጽ እቲ መርማሪ/ት ክሓተኩም እዩ። ዝኾነ ሕቶ ወይ ደስ ዘይብለኩም ነገር እንተሪኢኹም ብቕልጡፍ ሓብሩና። ምናልባት እቲ መራሒ ጭንቀት እንተጌርልኩም ክትፈርሑ የብልኩምን እዚ ናትኩም መርመራን መሰልኩምን እዩ።
– ብመጀመርታ እቲ ሕቶ ብልክዕ ክረደኣካ ኣለዎ ቅኑዕ መልሲ መታን ክትህብ።
– ኩሉ ዘገድስ ዝሓለፍካዮን ወይ ዘጋጠመካን ዘርዚርካ ኩሉ ሓብር ወላ'ውን እቲ መራማሪ ኣዕሚቑ እንተዘይሓተተካ።
– ኩሉ ዘለካ መረጋገጺ ከም ( ሰነድ, ስእሊ, ጽሑፍ ጋዜጣ) ኣርኢ።
– ንሕቶ ዑቕባኹም ኣገዳሲ ክኸውን ስለዝኽእል ኩሉ ሕማቕ ዘሕፍረኩም ከማን ሓብሩ። ኣብ ተዘክሮኹም ዝትንክፈኩም ነገር እንተሎ ብውሑዱ ኣብ መንጎ ዘረባ ክትቅጽሉ ከም ዘይትደልዩ ክትነግሩ ትኽእሉ።
– እቲ ዝተዛረብካዮ ብጀርመን ይውሰድ ብድሕሪኡ ብግቡእ ይጽሓፍ። ብቛንቋ ኣዴኻ ንዓኻ እንደገና ይቱርጎም ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ጌጋ ከይህሉ ኣስተውዒልኩም ክትእርምዎ ትኽእሉ። እዚ ጽሑፍ ንውሳኔ ኣብ
– መስርሕ ሓታቲ-ዑቕባን ኣብ ጉዳይ ክሲ'ውን ንውሳኔ ናይ ቤት-ፍርዲ መሰረት እዩ።

**እቲ መርመራ (Interview)**

| | |
|---|---|
| **ሕቶ ብዛዕባ (መንነት፡ ስድራ-ቤት፡ መበቆል-ዓዲ)** | - ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ መንነትካ<br>- ንጹርን ትኽ ኢልካን መልስ |
| **ብኸመይ መንገዲ ከምዝመጻኻ፡** | -ዝሃደምካሉ መንገዲ ምትንታን።<br>- መብዛሕትኡ ሕቶታት ይድገም እዩ ይኹን ደኣ ምበር ሓቂ ክትምልስ ምናልባት ኣቓዲምካ ዝተዛረብካዮ ዝገራጆ ነገር እንተሎ ከተብርሆ ኣለካ። |
| **ምኽንያት መሰደዲኻ፡** | - እቲ ቀንዲ ጠንቂ ምኽንያት መሰደዲኻ ዝኾነ ናትካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ብጽቡቕን ኣዕጋብን ንጹርን ጌርካ ግለጾ። እዚ ዝሃብካዮ መግለጺ BAMF ንዓኻ ከም ስደተኛ ክትቅበለካ ወይ ክትነጽገካ መሰረታዊ እዩ። |
| **ናብ ዓድኻ እንተተመሊስካ** | ንምንታይ ናብ ዓድኻ ክትምለስ ከምዘትኽእል ናይ ገዛእ ርእስኻ ምኽንያት ግለጽ። እዚ ዝሃብካዮ መግለጺ ን BAMF ምናልባሽ ናብ |

| | |
|---|---|
| **ከጋጥሙኻ ዝኽእሉ ሽግራት** | ዓድኻ ንኽይትጥረዝ ምኽንያት እዩ። |
| **እቲ ኣብ BAMF ዝውስን ሰብ ብዛዕባ እንታይ እዩ ዘገድሶ፣**<br>እቲ ኣብ **BAMF** ዝውስን ሰብ እቲ ንስኻ ቃል ዝሃብካዮ ኩሉ ሓቂ ምኻኑ የረጋግጽ። ከምኡ ስለዝኾነ ነቲ ዝተዛረብካዮ ብጥንቃቐ የጻርዮ። ዝኾነ መረጋገጺ እንተዘይ ኣቕሪብካ በቲ ዝተዛረብካዮ ክኣምነካ ናይ ግድን ይኸውን። | |
| **ኣብ ናይ ዑቕባ መርመራ  ንክቕበሉኻ ክማላእ ዘለዎ መደብ**<br>- ብ ዓሌታውነት፡ ሃገራውነት፡ ሃይማኖት ወይ ከኣ ብናይ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኻ ትስለ እንተኔርካ ምኽንያት መሕተቲኻ ዑቕባ ይቕበልዎ።<br>-  መሰል ናይ ሂወትካን ናጽነትካን ከምኡ'ውን ውሕስነት ናይ ነብስኻን ኣብ ዝኾነት ሃገር ክከላኸለልካ ኣለዎ። | |

**ኣገዳሲ ሓበሬታ  ን መርመራ (Interview)**

– ኣብዚ ኣቲ ቶርጓማይ ዘይኮነስ እቲ መርማሪ  እዩ ወሳኒ ከምኡ ስለዝኾነ ንሱ ዝበለካ ጥራይ ተኸተል።

– ንመርማሪ ኣብ ዓይኑ ጠምቶ። ከምኡ እንተዘይጌርካ ብባህሊ ጀርመን ከም ዘይምቕሉልን እቲ ትዛረቦ ሓቂ ከምዘይመስልን እዩ ዝመስል።

– ከተመሓላልፎ ዝደለኻዮ መልእኽቲ ትኽ ኢልካ ኣመሓላልፎ። እንተዘይኮይኑ ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ብዙሕ ክትጠውዮ እንተፈቲንካ ከም መታለሊ ወይ ቅንዕና  ዘይብሉ ይመስል ብኡ ከኣ ናትካ ምትእምማን ይጎድል።

– ኩሉ ዝተዛረብካዮ ሓደ ክኸውን ስለዘለዎ  ቅድሚኡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዝተሓተትካዮ ብጌጋ መረዳእታ ወይ ምናልባት ተገራጻዊ ሓሳባት እንተሂብካ ኣብ መርመራ ከተብርሆ ኣለካ።

– ኣብ መወዳእታ ኩሉ እንተተረዲኡካን ኩሉ ኣገዳሲ ዝበልካዮ ነገራት ኣብቲ ጽሑፍ እንተሎን ሸዑ ጥራይ ክትፍርም ኣለካ።

**ድሕሪ መርመራ (Interview)**

– **እዚ ጽሑፍ ናይ መርመራ** (ቁጽሪ 12)፡ እቲ ናይ  መርመራ ጽሑፍ ድሕሪ ሒደት ሰሙናት ብጀርመን ደብዳቤ ይመጸኩም።  ጌጋ

እንተሎ ክትእርሞ ን BAMF ምእንቲ ክትሓቶም ብዝቐልጠፈ መገዲ ናብ ቛንቛ ኣዴኻ ከተተርጊሞ ኣለካ።

– **ውሳኔ** (ቁጽሪ 13- 14)፡

BAMF እንታይ ከም ዝጸሓፉልካን ሕቶ ናይ ዑቕባኻ ብምንታይ ምኽንያት ከምዝተቐበሉኻ ወይ ከም ዘይተቐበሉኻ ብልክዕ ኣንብቦ። ኣንጻር BAMF ዝወሰንዎ ኣብ ቤት ፍርዲ ክትከስስ ትኽእል። ካብታ ዝወሰኑላ ዕለት ንኽትከስስ ውሱን ጊዜ ኣለካ ። ስለዚ እታ ደብዳቤ ኣብ ሰታሪ ደብዳቤ ኣእትዋ። እታ ማሕተም መርጋገጺት ዕለት ዘለዋ ነቲ ናይ ገደብ ግዜ ኣብ ቤት ፍርዲ ወሳኒት ስለዝኮነት ጽቡቕ ጌርኩም ተጠንቀቑላ።

**ኣብ BAMF እንታይ ዓይነት ውሳኔታት ክውስኑ ይኽእሉ፣**

| **ውሳኔ** | **ውጽኢት/ ገደብ ግዜ** |
|---|---|
| 1. ወግዓዊ **ዑቕባ ምቕባል** (Art. 16a Abs. 1 GG) | - ናይ **3** ዓመት ፍቓድ መቐመጥን ሰማያዊ ፓስፖርት ናይ ስደተኛን<br>- ስድራ-ቤት እንተለውኻ ከተምጽእ ትኽእል (ስድራ ቤትካ ከተምጽእ ንኽተመልክት 3 ወርሒ ጥራይ ዕድል ኣለካ ስለዚ ብዝተኻእለካ ካብታ ዝተቐበሉኻ ብቕልጡፍ ከተመልክት ኣለካ ) |
| 2. ከም ስደተኛ ይቕበሉኻ (§ 3 Abs. 1 AsylG) | ምስ ቁጽሪ 1 ተዛማዲ እዩ |
| 3. ካብ መንግስቲ ጀርመን ውሕስነት ይግበረልካ ። ዘቕረብካዮ ምኽንያት ኣይተቐበልዎን ኣብ ዓድኻ ብዘሎ ጸገም ግን | - ናይ **1** ዓመት መንበሪ ፍቓድ። እንተተናዊሑልካ ከኣ **3** ዓመት<br>- ስድራ-ቤት እንተለውኻ ክሳብ ዕለት 16.03.2018 ከተምጽእ ኣይምልከተካን እዩ።<br>- ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽትከስስ 2 ሰሙን ግዜ ኣለካ። ምስኡ ከኣ ከም ስደተኛ ንክቕበሉኻ ተመልክት። |

| | |
|---|---|
| ንኽይትምለስ ይከላኸሉልካ።(§ 4 Abs. 1 AsylG) | |
| 4. ከም ስደተኛ ወይ ሓታቲ-ዑቕባ ትንጸግ። ናብ ዓድኻ ንኽይትምለስ ግን መከላኸሊ ኣለካ። (§ 60 Abs. 5 oder 7 AufenthG) | - ናይ **1** ዓመት መንበሪ ፍቓድ። እንተተናዊሑልካ ከኣ **3** ዓመት<br>- ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽትከሰም 2 ሰሙን ግዜ ኣለካ። ከም ስደተኛ ንክቕበሉኻን ውሕስነት ናይ ነብስኻን ተመልክት። |
| 5. ብዘይ ምኽንያት ናይ ሕቶ ዑቕባ ምንጻግ። ናብ ዓዕኻ ንኽይትምለስ መከላኸሊ የብልካን | - ናይ ሕቶ ዑቕባኻ ይንጸግ<br>- ኣብ ቤት ፍርዲ ከም ስደተኛ ውሕስነት ንኽገብሩልካ ንኽትከሰም 2 ሰሙን ግዜ ኣለካ። ናብ ዓድኻ ንኽይትምለስ ምኽንያት ከምዘለካ ንኽነጽሩልካ ተመልክት ትኽእል። |
| 6. መግለጺ መሰረት ዘይብሉ ናይ ሕቶ ዑቕባኻ ይንጸግ። ናብ ዓዕኻ ንኽይትምለስ መከላኸሊ የብልካን። (§ 30 AsyG); | - ናይ ሕቶ ዑቕባኻ ይንጸግ።<br>- ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽትከሰም 1 ሰሙን ጥራይ ግዜ ስለዘለካ ቀልጢፍካ መልሲ ሃብ። ምስኡ ከኣ ክሳብ ብዛዕባ እቲ ዝኸሰስካዮ ጉዳይ መልሲ ክሳብ ዝህቡኻ ናብ ዓድኻ ምጥራዝ ንኽወግድዎ ከተመልክት ይግባእ። (§ 80 (5) VwGO) |
| 7. ጉዳይካ ኣብ ካልእ ዓዲ ናይ ኤውሮፓ ስለዝምልከት ሕቶ ዑቕባኻ ኣብ ጀርመን ቅቡል ኣይኮነን። | ንኽትከስስን ንህጹጽ መልእኽትን 1 ሰሙን ጥራይ ኣለካ። |

ኣብ ቤት ፍርዲ ክትከስስ ከለኻ እቲ ናይ ሕቶ ዑቕባኻ ዝነጸግዎ ጌጋ ምኻኑ ናይ ግድን ብጽሑፍ ምኽንያት ከተቕርብ ኣለካ። ኣብዚ ናይ ሕጊ ኣማኻርን ጠበቓን ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መጀመርታ ክትከስስ ከለኻ ጠበቓ ክህልወካ ግዴታ ኣይኮነን ክሕግዘካ ግን ይኽእል እዩ።

**ናይ ሕቶ-ዑቕባ ምሉእ ብምሉእ ምንጻግ**
መስርሕ ሕቶ ናይ ዑቕባኻ ናይ መጨረሻ ይዕጾ። እዚ ማለት ኣብ ቤት ፍርዲ ክትከስስ መሰል የብልካን። ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ግዜ ብድሌትካ ካብ ጀርመን ንኽትወጽእ ደብዳቤ ይልእኩልካ።
እዚ ግን ናይ ግድን ናብ ዓድኻ ክትምለስ ማለት ኣይኮነን ። ካብ በይንኻ ምውሳን ናብ ጠበቓ ወይ ናብ ሓደ ናይ ምኽሪ ቦታ ክትከይድ ይሓይሽ። ብድሌትካ ጀርመን ክትገድፋ እንተዘይክኢልካ ባዕሎም ንኽትገድፋ ይግድዱኻ።
**ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ጀርመን ንኽትገድፋ ደብዳቤ እንተተሰዲዱልኩም ብህጹጽ ናብ ጠበቓ ወይ ናብ ሓደ ናይ ምኽሪ ቦታ ክትከይድ ኣለካ።**

**ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮፓ**
ኣብ ጀርመን ናይ ዘቕረብካዮ ናይ ሕቶ ዑቕባኻ ድሕሪ ምንጻግ ናብ ካልኦት ኤውርፓውያን ሃገራት ምኻድ ትርጉም የብሉን። ብ ሕጊ ዳብሊን (DUBLIN ) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብታ ናይ መጀመርታ ዝኣተኻያ ናይ ኤውርፓ ሃገር ዑቕባ ክትሓትት ይምለከተካ። ኣብ ጀርመን ዑቕባ እንተሓቲትካ ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮፓ ሃገር መንበሪ ፍቓድ ንኽትወሃብ ጸቢብ ዝኾነ ዕድል ኣለካ።

ናብ ዓድኻ ክትምለስ እንተደሊኻ ኣብቲ ዘለኻዮ ዞባ ንኸምኡ ምኽሪ ስለዘሎ ሕተት።

| | |
|---|---|
| ምኽሪ ንምምላስ ናብ ዓድኻ ኣብ ደቡብ-ባየርን<br>Tel: +49 821/5089632<br>a.werner@zrb-suedbayern.de<br>Lange Gasse 4<br>86152 Augsburg | ምኽሪ ንምምላስ ናብ ዓድኻ ኣብ ምዕራብ-ባየርን<br>Tel: +49 931/38666782<br>Franziskanergasse 3 , 97070 Würzburg<br>info@zrb-westbayern.de |
| ምኽሪ ንምምላስ ናብ ዓድኻ ኣብ ሰሜን-ባየርን<br>Marienstraße 23, 90402 Nürnberg<br>Tel.: +49 911/2352222<br>E-Mail: info@zrb-nordbayern.de | ሓገዝ ምምላስ ናብ ዓድኻ ኣብ ሙኒክ<br>Franziskanerstraße 6-8, 81669 München<br>reintegration@muenchen.de<br>Tel: +49 89/233-40708 |

**ኣገዳሲ ሓበሬታ**

**ኣበይ ክቕመጥ ይግበኣኒ፣**

ኣብቲ ናይ መጀመርታ ኣብ ካምፕ ከለኻ ኣብ ድሩት ቦታ ትቕመጥ። ብድሕሪኡ ኣብ ምሉእ ጀርመን ብነጻ ክትንቀሳቐስን ክትቕመጥን ከም ትኽእል ይሕብሩካ። ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ወጻእተኛታት ከይድካ ንናትካ ታሴራ ናብ ኩሉ ከምዝፍቀደካ ክገብሩልካ ከተመልክት ኣለካ።

**ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዝመጸካ ደብዳቤ ናብቲ ዘለኻዮ ኣድራሻ ብግቡእ ንኽበጽሓካ ከተረጋግጽ ኣለካ።**

ኣብተን ናይ መጀመርታ ሰሙናት ወይ ኣዋርሕ ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ደብዳቤ(ቆጸራ ወይ ሓበሬታ) ናብኻ ናብ ካምፕ ይሰድዎ። ብቕልጡፍ ክትወስድዎ ኣለኩም መዓልታዊ ከኣ ኣብቲ ጸሊም ሰሊዳ ሓበሬታ ዝልጥፍሉ ዝኾነ ከይሓልፈኩም ረኣይዎ። ምናልባት ዝኾነ ከይረኣኹሞ ኣገዳሲ ሓበሬታ ወይ ዝኾነ ውሳኔ ናይ መልእኽትኹም ኣንተሓሊፍኩም ድሒርኩም ትፈልጡ። ጌጋኻ ስለዝኾነ ንው ይቕሬታ ዝበሃል የለን። ናብ ካልእ ቦታ ድሕሪ ምስግጋርካ ን BAMF ናትካ ሓድሽ ኣድራሻ ብቐጥታ ክኸይድ ስለዘይክእል ባዕልኻ ክትሕብሮም ይግበአካ። ኣብቲ ዝተወሃብኩሞ ሓድሽ ገዛ ደብዳቤ ብኸመይ ከምትረኽብዎ ኣረጋግጹ።

**ታሴራ ኣውስፋይስ ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ**

ፖሊስ መንነትካ ከተርእዮም እንተሓቲቶሙኻ ከተርእዮም እንተዘይክኢልካ ከቢድ መቕጻዕቲ ከም ክሲ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ወይ ክኣስሩኻ'ውን ይኽእሉ።

**ዝኾነ ጽሑፍ ወይ ሰነድ ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ቅድሚ ምሃብካ ቅዳሕ ወይ ስኢልኩም ምሳኩም ኣትርፉ ከም ዝተቐበልኹም ውን መረጋገጺ ክህብኹኻ ሕተት።**

ኣብ ጀርመን ወረቐት ቀንዲ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኣብ ጽቡቕ ከተቐምጥዎ ኣለኩም።

**መሰልን ግቡእን ኣብ መስርሕ ናይ ዑቕባ - ሓታቲ**

**ናትካ መሰል**

- ኣብ ግዜ መስርሕ ናይ ዑቕባኻ ወይ ኣብ ግዜ ክሲ ዝኾነ ሰብ ጽቕጢ ክገብረልካ የብሉን ከምኡ"ውን ዝኾነ ሰብ ምስ ናትካ ኤምባሲ (ንሰነዳትካ) ርክብ ንኽህልወካ ጸቕጢ ክገብረልካ የብሉን። ዝኾነ ርክብ ምስዝህልወካ ውስሕነት ካብ ዓድኻ ከምዘለካ ስለዝመስል ዘቕረብካዮ ሕቶ ናይ ዕቕባኻ ይነጽግዎ።
- ንስደተኛታት ንሕቶታቶም ፍሉይ ውሑስነት ምስዘድልዮም ኣብ BAMF መርመራ ዝገብሩ ፍሉያት ሰባት ኣለዉ። ኣብ ሓንጎልካ ዝሰረጸ ዘባህርረካ ጸገም እንተኣለካ ን BAMF ሓብሮም።
- ኣብ ጀርመን ንበይንኻ ወይ ትሕቲ 18 ዕድመ እንተኾይንካ ዑቕባ ንኽትሓትት እኹል ስለዘይኮንካ ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ዝጣበቐልካ ወኪል የድልየካ። እዚ ወኪል ካብ መንግስቲ ይእዘዘልካ።

**ናትካ ክትዋስኦን ክትገብሮን ዝግበኣካ**
ብዛዕባኻን ብዛዕባ ናይ ስድራኻን ኣብ ቤት ጽሕፈት ንዝተሓተትካዮ ንኽትምልስ ብሕጊ ግቡእካ እዩ። ካብዚ ነገር ጠበቓ ነጻ ክገብረካ ኣይክእልን'ዩ።

ብዛዕባ ቀንዲ ዝምልከተካ ጉዳይ፡
- መግለጺ ብዛዕባ መንነትካ፡ ንኣብነት ካብ ዓድኻ ታሴራ መንነት ስእሊ ዘለዋ ከተቕርብ ይግባእ። ዝኾነ ጽሑፍ ወይ ሰነድ ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ቅድሚ ምሃብካ ቅዳሕ ምሰኩም ኣትርፉ ከም ዝተቐበልኹም ውን መረጋገጺ ክትወሃብ ሕተት።
- ሓበሬታን መረጋገጽን ብዛዕባ ዝመጸኻሉ መንገዲ፡ ቪዛ ወይ ወረቐት ዶብ ሰጊርካ ከም ዝመጻእካ ንናትካ መንነት መረጋገጺ ክጠቕሞም ይኽእል። እዚ ናይ መገሻኻ ሰነዳት ንቤት ጽሕፈት ን ሕጊ-ዳብሊን ኣገዳሲ እዩ።
- **ግዴታዊ ምዝገባ፡** ናትካ ሓድሽ ኣድራሻኻ፡ ምቅይያር ናይ ታሴራኻ ውይ ኣብ ስድራ-ቤት እንተሎ ነቲ ዝምልከቶ ቤት-ጽሕፈት ሓብሮም።ኣገዳሲ ሓብሬታ ዝበለጸ ብ ፋክስ ጌርኩም ስደድዎ።

**ሂወት ኣብ ግዜ ኣከያይዳ ናይ ሕቶ - ዑቕባ**
**ካብ ምንታይ ትነብር፣**
ካብ ጀርመን ሓገዝ ናይ ገንዘብ ትወሃብ። ንሓታቲ ዑቕባ ዝምልከቶ ሕጊ(AsylbLG) ሓገዝ ናይ ገንዘብን ዘድልየካ ነገራትን ትወሃብ። መሰረታዊ ዝኾነ ሕክምና ይግብኣኩም እዩ። ከም ሓታቲ ዑቕባ ከይተቐበሉኻ ከለዉ ንውሱናት መሰረታዊ ሕክምና ንኣብነት ብርቱዕ ቃንዛ ወይ ሕማም እንተለካ ፡ ግዜ ጥንሲ ወይ ኣብ ግዜ ምውላድ ብሕጊ ይምልከተካ። ካብኡ ዝብርትዕ ሕማም ምስ ዝህልወካ ካብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ሕክምና ወረቐት ትሓትት።

**ከመይ ትነብር፣**
ንማሕበራዊ መሰልካ ሕቶታት፡ ኣብ ጀርመን ጽቡቕ ክትነብር ክትክእልን ምስኦም ንኽትዓይን ዝሕግዙ ውልቀ ሰባትን ብዙሓት ብግሩብ ዝነጥፉን ኣለዉ። ከም ናይ ካቶሊክ ማሕበር(Caritas), ናይ ከንሻ (Diakonie), AWO, ባያር ቀይሕ-መስቀል, ን ወጻእተኛታት ምኽሪ ክህቡኹም ምስ ሕቶታትኩም ክትከዱ ትኽእሉ። ዝኾነ ብዛዕባ ናይ ሓገዝ ገንዘብ ወይ ምስ ሕብረተ ሰብ ንምሕዋስ (Integration) ወይ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ናብዘን ማሕበራት ኪዱ ከምኡ"ውን ቛንቛ ጀርመን ክትመሃሩ ወይ ስራሕ መዓስን ከመይን ክትፈልጡ ምስትደልዩ ሓበሬታ ክህብኹም ይኽእሉ።

ናብ ቤት-ጽሕፈት BAMF ደብዳቤ ክትጽሕፉ ከለኹም ብኸምዚ ኣገባብ ክስደድ ይግባእ

**An das BAMF**
**Bundesamt für Migration und Flüchtlinge**
**Boschetsriederstraße 41**
**81379 München**

**Mitteilung meiner Adressänderung – AZ: ............................**

Sehr geehrte Damen und Herren,(ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን)

hiermit teile ich Ihnen mit, dass ich ab sofort unter folgender Adresse erreichbar bin:
NAME Vorname (ስም ኣቦ, ስምካ)
Straße: ( ትነብረሉ ጎደና)
PLZ/Ort: (ኣድራሻ ን ኣብነት 34215 , Frankfurt)

Mit freundlichen Grüßen(ምስ ምዉቕ ሰላምታ)

________________________________________
Datum / Unterschrift (ዕለትን ፊርማን)

Infobus für Flüchtlinge, c/o amnesty international
Volkartstr. 76, 80636 München
Mobil: +49 176/67606378
e-mail: infobus@amnesty-muenchen.de

ዝርከብሉ ሰዓታትን ፡ ቦታታትን

ሰኑይ 14:00-15:30 Unterhaching, Biberger Str. 88

ሰኑይ 16፡00-18፡00 Mc Graw Kaserne, Tegernseer Landstr. 239A

ሰሉስ 17፡00-19፡00 Funkkaserne, Frankfurter Ring 200

ረቡዕ 17:00-18:30 Bayernkaserne እን ፍሮንት ኦፍ ሆኡሰ 18 (ውትሀ SOLWODI), Heidemannstr. 50

ረቡዕ 18:00-20:30 Bayernkaserne እን ፍሮንት ኦፍ ሆኡሰ 45, Heidemannstr. 60

ቀዳም 13:30-15:00 Am Moosfeld 37

www.muenchner-fluechtlingsrat.de/infobus